# ሌላ ምስ ማሕበር ስፖርት ሓድነት

## አመሰራርታ፡ ዕላማ፡ ሕጋውነትን ማሕበር

ማሕበር ስፖርት ሓድነት ኤርትራ ፍራንክፈርት ( Sportverein Eritrea Frankfurt e.V. ) ብ 1982 ዓ.ም. ብመንእሰያት ኣፍቀርቲ ኩዕሶ እግሪ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት (Frankfurt-ጀርመን) ተመስሪቱ።

እዚ ማሕበር'ዚ ካብ ዝኾነ ይኹን ተጽዕኖ ነጻ ዝኾነ፡ ማለት ፖለቲካዊ ዝንባሌ፡ ዓሌት፡ ሃይማኖት፡ ዕድመ፡ ጾታ፡ ኩነታት ጥዕና፡ ብዘይ ምፍልላይ ንኹሉ ቅዋም ማሕበር ዘኽብር ሰብ ክፉት ዝኾነ፡ ንምዕባለ ስፖርት ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ዝነጥፍ ማሕበር ስፖርት ኢዩ።
ካብ 1982 ክሳብ 1984 ከም ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ክነጥፍ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ 1984 ብወግዒ ከም ሕጋዊ ማሕበር (e. V.) ኣብ ቤት ፍርዲ ከተማ ፍራንክፈርት (Amtsgericht Frankfurt) ተመዝጊቡ።

ካብ ምምሕዳር ፋይናንስ ከተማ ፍራንክፈርት (Finanzamt Frankfurt) ክሳብ ሕጂ ንናይ ሓባር ረብሓ እንተዘይኮይኑ ንውልቃዊ ጥቅሚ ዘይሰርሕ ማሕበር ምዃኑ ዘረጋገጸን፡ ብቑዕ መሰነይታ ካብ ምምሕዳር ፋይናንስ ዘለዎን (Freistellungsbescheid)፡ ዓመታዊ ናይ ቁጠባን ሓፈሻዊ ንጥፈታቱን ጸብጻብ ንምምሕዳር ፋይናንስ ከተማ ፍራንክፈርት ከምኡ'ውን ንካልእ ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ጀርመን ዘቕርብ ማሕበር ኢዩ። ከምዚ ኣብ ላዕሊ ብሓጺር ዝተጠቕሰ ንቅጥዕታት ምምሕዳር ፋይናንስን "ሕጊ ማሕበራት ጀርመን" ስለዘማልአ፡ ናይ ገንዘብ ይኹን ናይ ናውቲ ሓገዝ ካብ ትካላት ይኹን ውልቀሰባት ተቐቢሉ፡ ነቲ ዝገበርዎ ሓገዝ ዝገልጽ ንምምሕዳር ፋይናንስ ከቕርቡሉ ዘኽእሎምን ብምምሕዳር ፋይናንስ ተቐባልነት ዘለዎ ቅብሊት (Spenden-Quittung) ናይ ምሃብ ፍቓድ ዝተዋህቦ ማሕበር ስፖርት ኢዩ።

ብተወሳኺ ማሕበርና ኣባል ፌዴሬሽን ኩዕሶ እግሪ ኣውራጃ ሄሰን (Hessischer Fußball-Verband) ከምኡውን ኣባል ማሕበር ስፖርት ኣውራጃ ሄሰን (Landessportbund Hessen) ኢያ።
ኣብ ጉባኤ ፌዴሬሽን (ኣብ ኣርባዕተ ዓመት ዝካየድ) ወከልቱ ብምልኣኽ ይሳተፍ።

## ንጥፈታት ስፖርት

ኣብቲ ናይ ከተማ ፍራንክፈርት (Kreisliga Frankfurt) ናይ ኩዕሶ እግሪ ንጥፈታቱ ክሳብ ሕጂ ከየቋረጸ (1984 - 2008) ኣብቲ ሰሙናዊ ዝካየድ ጅሮኒ ስም ሃገሩ ዘጸውዕ ዘሎ ማሕበር ስፖርት ኢዩ። ውጽኢት ናይቲ ግጥም ኩሉ ጊዜ ሶኒይ ኣብ ጋዜጣን ኢንተርነትን ዓምዲ ስፖርት ናይ Frankfurter Neuepresse ብስም SV ERITREA ይወጽእ። ብዙሕ ጊዜ'ውን ብዛዕብኣ ኣብ ጋዜጣ እታ እንኮ ሓንቲ ኣፍሪቃዊት ጋንታ ኣብ ኣውራጃ ሄሰን ወዘተ.. እንዳተባህለ፡ ስም ሃገራ ጥራይ ዘይኮነ፡ ስም ኣህጉር ኣፍሪቃ'ውን ብዓቕማ ኣብቲ ዜና ናይ ከባቢ ስፖርት (Regionale Sportnachrichten) ተዘኻኺር ኣላ።

ማሕበርና ንጥፈታቱ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ዘተኮረ ኮይኑ፡ ኣብ ቀዋሚ ሜዳና (Sportanlage-West, Ginnheimer Str, Frankfurt -Bockenheim) ቀጻሊ ኣብ ሰሙን 2 ጊዜ ልምምድ (ትሬኒንግ) ከምኡ'ውን ሰሙናዊ (ሰንበት) ምስ ዝተፈላለያ ጋንታታት ጀርመንን ካልኦትን ኣብ ምድቡ ዝርከባ ናይ ኩዕሶ ግጥም የካይድ።

ጋንታና ኣብዚ ዓመት'ዚ ሓደስቲ መንእሰያት ተጻወትቲ ተወሲኾማ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዝሓየለ ስፖርታዊ መንፈስ እንዳተጓዕዘት ኣብ ጽቡቕ ስፖርታዊ ኩነታት ትርከብ። ኣብ ናይ ዕለት 04.12.2008 ታቤላ መበል 6'ይቲ ካብ ምድባ ኣላ። በዚ ሕጂ ዘሎ ዓቕሚ ናህሪ ወሲኽና እንተቐጺልና ኣብ 2009 ወይ 2010 ናብ ዝለዓለ ደረጃ (Kreisliga Frankfurt A) ናይ ምሕላፍ (ምድያብ) ዝሓሸ ተኽእሎ ከምዘሎ ክግምገም ይከኣል።

ኣብዘን ዝሓለፋ ልዕሊ 25 ዓመታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ጀርመንን ሃገራት ኤውሮጳን ብኤርትራውያን ጋንታታት ወይ ማሕበራት ኣብ ዝተወደበ ስፖርታዊ ውድድራት ብዙሕ ጊዜ ተሳቲፋ ዓወታት ዓቲራ ከምዝነበረት ዝዝከር ኢዩ።
ኣብ 2002 መበል 20 ዓመት ምምስራት ማሕበርና ኣብ ዘኽበረትሉ እዋን፡ ኣብቲ ኣብ ሓጋይ ዝተኻየደ ቱርኒያታት ድሙቓት ዓወታት ኣብ ስፖርታዊ መዳይ ኣመዝጊባ ኢያ። ካብኡ ንምጥቃስ ኣብ ፍራንክፈርት ዝተኻየደ 1'ይቲ ፡ ኣብ ኑርንበርግ ዝተኻየደ 1'ይቲ ፡ ከምኡዉን ኣብቲ ብዕለት 14.9.02 ኣብ ከተማ ሮተንቦርግ ብደረጃ ጀርመን ዝተኻየደ ናይ ስፖርት ፌስቲቫል 1'ይቲ ብምዉጻእ ነታ ን3 ዓመት ትዘዉር ኮባ ወሲዳታ ኢያ። ብሓፈሻ ክረኤ ከሎ ምስቲ ዝወሰደቶ ኮፓታት ኀብለል ናይ 2002 ክትከዉን በቂዓ ኢያ።

ኣብ 2003'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ቱርኒየርታት (ውድድራት) ተሳቲፋ። ካብኡ ንምጥቃስ ብዕለት 19.7.03 ኣብ ፍራንክፈርት ዝተኻየደ ፌስቲቫል 2003 1'ይቲ ብምኻን ዋንጫ ፌስቲቫል ኤርትራ 2003 ዓቲራ። ኣብቲ ብዕለት 05.06.2004 ብማሕበርና ዝተዳለወ ኣብ መንጎ 8 ጋንታታት ዝተኻየደ ውድድር 1'ይቲ ብምኻን ዋንጫ ሓድነት 2004 ከምዝወሰደት ይፍለጥ።

ኣብ 06.2005 ኣብ ሚኒያፖሊስ ኣሜሪካ ዝተኻየደ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ንመጀመሪያ ጊዜ ከም ዝተሳተፍና ዝዝከር ኢዩ። ካብ'ቲ ናይ ሽዑ ዝተረኸበ ተሞክሮ ብምውሳድ ከምኡውን ዝያዳ ምድላዋት ብምግባር ዕዉት ዝኾነ መደብ ን 2009 ንምክያድ ኮሚተ ወጺኣ ይስርሓሉ ኣሎ።

ኣብ 2005 ኣብ ስቱትጋርት ዝተኻየደ ውድድር 1'ይቲ ፡ ብተወሳኺ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ትሕቲ ዕድመ ዝጻወቱ ጋንታናውን ኮፓታት ዓቲረን ኢየን ተመሊሰን። ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት፡ ንቆልዑን መንእሰያት ንምጥርናፍ ጽቡቕ ስርሓት ተኻይዱ ኢዩ። ብሕልፊ ናይ ሎሚ ቆልዑ ናይ ጽባሕ ተካእቲ ስለዝኾኑ፡ ካብ ሕጂ ፍቕሪ ስፖርትን ሃገሮምን ዘሕድሩሉ፡ ምስ ካልኦት መዛንኦም ዝራኸቡሉን ዝላለይሉን ባይታ ክንፈጥረሎም ይጽናሓለይ ዘይብሃል ስራሕ ኢዩ። ኣብ ልዕሊ ደቅናውን ዓቢ ተቐባልነት ረኺቡ፡ ነታ ትመጽእ ናይ ሓባር መገሻ ብሃንቀውታ ክጽበዩዋን ክሓቱላን ክትርእይ ከለኻ፡ ክሳብ ክንደይ ውጽኢታዊ ከምዝኾነ መርኣያ ናቱ ኢዩ። ነዚ ክውን ንምግባር ሓላፍነት ወሲዶም ከይተሓለሉ ዝሰርሑ ኣባላትና ክሙገሱን ክተባብዑን ይግባእ።
ኣብ 2006/2007 ኣብ ሓጋይ ዝካየድ ንጥፈታት ካብቲ ዝሓለፈ ዓመታት ድኹም ኔሩ።

ኣብ 2008 ብምኽንያት መበል 25 ዓመት ምምስራት ማሕበርና ዓቢ ስፖርታዊ ውድድር ተኻይዱ፡ ኣብቲ ዛሕቲሉ ዝጸንሐ ኣብ ሓጋይ ዝካየድ ንጥፈታት ናይ ምብርባር ጽልዋ ከምዝህልዎ እምነትና ኢዩ።

## ንጥፈታት ኣባላት

ማሕበርና ንልዕሊ 25 ዓመታት (1982-2008) ክሳብ ሕጂ ንጥፈታቱ ብዘይ ምቁራጽ የሰላስል ኣሎ። ኣብ 2002 ብምኽንያት መበል 20 ዓመት ምምስራት ማሕበርና ዓቢ በዓል ብምድላው ብክብ ዝበለ ድምቀት ንኣባላትን ኣጋይሽን ህዝብን ዝመሰጠ ጽንብል ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ከምዝተኻየደ ዝዝከር ኢዩ።

ማሕበርና ንኣባላቱ ብዓቕሙ ናይ ሓባር መደባት (በዓላት፡ Grill etc) ብምድላው፡ ኣባላት ዝያዳ ርክባቶም ዘሐይልሉ ንጥፈታት የካይድ። ኣብቲ ኣብ ዓመት ዓመት እንካይዶ ውድድር ስፖርት፡ ኣባላት ምስ ደቆም ዝዋስኡሉ ናይ ዓበይትን ናይ ቆልዑ መደብ ስፖርት ተካይድ። ንመጻኢ ዝተፈላለየ ንኣባላትና ዝጠቅም መደባት ኣውጺኣ ዝያዳ ክትሰርሕ ተበጊሳ ኣላ።
ማሕበር ስፖርት ሓድነት ኤርትራ ፍራንክፈርት ኣብ ዓመት 2 ጊዜ ስሩዕ ኣኼባ ናይ ኣባላት የካይድ። ኣብቲ ናይ ፍርቂ ዓመት ኣኼባ ከምኡ'ውን ዓመታዊ ኣኼባ ኢ.ኣካል ማሕበር ኩሉ ንጥፈታቱ ብጉሉጽ ኣገባብ (ብ Overhead Projector ዝተሰነየ) ጸብጻቡ ንኣባላቱ የቕርብ። ብተቐጻጻርቲ ዝቐርብ ጸብጻብ'ውን ኣብ ዓመታዊ ኣኼባ ማሕበር ብዝተመርጹ ተቖጻጸርቲ ንኣባላቱ ይገልጽ።

## ርክብ ምስ ኤርትራን ካልኦት ማሕበራትን

ማሕበርና ኣብ ስፖርት ጥራይ ከይተወሰነ ከም ኩሉ ጉዱስ ኤርትራዊ ማሕበር ኣብ ሃገርና ሓደጋ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ ብደረጃ ማሕበርን ብኣባላት ማሕበር ተበግሶ ብምውሳድ፡ ብዓቕማ ሓገዛት ጌራ ኢ.ያ። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፡ ኣብ 1985 ኣብ ሃገርና ድርቂ ኣብ ዝተራኣየሉ እዋን ፍሉይ ፕሮጀክት ብምድላው ከምኡዉን ኣብ ዝሓለፈ ናይ ኩናት ዓመታት ንህዝቢ ኤርትራ ሓገዛት ኣበርኪታ ኢ.ያ።

ኣብ 1994'ውን ናብ ኤርትራ ብጋንታ መልክዕ ብምኻድ፡ ኣብ ኣስመራ ምስ ጋንታ ኣዱሊስ (ኣብቲ ጊዜ ዝሓየለት ጋንታ ኣብ ኣስመራ)፡ ከምኡዉን ኣብ መንደፈራን ከረንን ናይ ምሕዝነታዊ ግጥማት ኣካይዳ ከምዝነበረት ይዝከር። እዚ ዑደት'ዚ ነቲ ስፖርት ናይ ሃገርና ንምብርባርን ዝምድናታትት ንምፍጣርን ዝካየድ ጻዕርታት፡ ከምኡ'ውን ምስ ሃገርካ ምልላይ ጥራይ ዘድሃበ ዘይኮነ፡ ብግብሪ ንስፖርት ናይ ሃገርና ብዓቕሙ ንምሕጋዝ ናይ ሕክምና ናውቲ፡ ኩዓሳሱን ናይ ማልያ ዕጥቂን ንዝተፈላለያ ጋንታታት ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ኤርትራ ዝርከባ ኣወፍያ ኢ.ያ።

ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ንስፖርት (ንኣብነት ንፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ) ንትሬኒንግ ዘድሊ ዝተፈላለየ ሓገዛት ኣበርኪታ ኢ.ያ። ብተወሳኺ ኣብ ኤውሮጳ ንዝርከቡ ኤርትራውያን ስፖርተኛታት ከይተረፈ ኣብ ውድድር ንኽሳተፉ፡ ማሕበርና መሰነይታን ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ኣብ ምሃብ'ውን ከይተረፈ ተሓጋጊዛ ኢ.ያ።

ኣትሌት ዘርእሰናይ ታደሰ ኣብ 2004 ኣብ ኣቴንስ ናይ ኦሎምፒክ ሜዳልያ ምስ ወሰደውን፡ ናይ ሓጎስና መግለጺ ካብ ኣባላትን ካልኦት ፈተውቲ ስፖርት ተቐማጦ ፍራንክፈርትን፡ መተባብዒ ገንዘብን ቱታን ከምዝተዋጽኣን፡ ብመገዲ ኣባልና ብቐጥታ ንዘርእሰናይ ከምዝተዋህበ ዝዝከር ኢዩ።

ምስ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ይኹን ኣብ ካልእ ቦታታት ዘለዋ ማሕበራት፡ ኣብ ቅዋም ማሕበር ተመርኲሱ፡ ርክባትን ናይ ሓባር ንጥፈታትን ከካይድ ጸኒሑን ኣሎን።

## ቁጠባ

ስፖርት፡ ብሕልፊ ኣብ ኤዉሮጳ ምስ ቁጠባ ተታሓሒዙ ከምዝኸይድ ንኹሉ ስፖርት ዝከታተል ርዱእ ኢዩ። ገለ ካብቲ ወጻኢ.ታት ንምጥቃስ ናይቲ ንጥቀመሉ ሜዳ (Sportplatz)፡ ኣብቲ ናይ ግጥም ጊዜ ንመንጎኛ (ኣልቢ.ትሮ) ዝኽፈል ገንዘብ (Schiedsrichter Spesen)፡ ኣብ ጊዜ ክራማት ናይ ሜዳ መብራህቲ (Flutlicht )፡ ናይ ተጻወትቲ ኢ.ንሹራንስ (Sportversicherung)፡ ኩዓሳሱ፡ ማልያ፡ መድሃኒት ወዘተ ከምኡ'ዉን ንተጻወትቲ ኣብ ጊዜ ግጥምን ልምምድን ዘድልዮም ነገራት (ዝስተ፡ዝብላዕ፡ ከምኡውን ኣብ ጊዜ መገሻ ዘሎ ወጻኢ.ታት ወዘተ...) ክጥቀስ ይከኣል።

እዚ ወጻኢታት ብድምር ኣብ ዓመት ክሳብ 7000 ኤዉሮ ይኸውን። ወጻኢታተን ክሽፍና ዘይክእላ ማሕበራት ስፖርት (ጋንታታት) ኣባልነተን ካብ ስፖርት ፌዴሬሽን ዝስረዝ፡ ዓመት መጸት ዝቅህማ (ዝጠፍኣ) ጋንታታት ከምዘለዋ'ዉን ክጥቀስ ይግባእ። እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ፡ ኣብዚ ዘለናዮ ዘበን ጽቡቕ ድሌትን ናይ ስፖርት ስምዒት ጥራይ እኹል ከምዘይኮነ፡ ኣተኣማማኒን ቀጻልነት ዘለዎ ናይ ቁጠባ ምንጪ ምውናን፡ ህላዉነትካን ቀጻልነትካን ንምርግጋጽ ወሳኒ ተራ ከምዘለዎ ንምብራህ ኢዩ።

ነዚ ወጻኢታት ንምሽፋን፡ ማለት ህላዉነት ከም ናይ ስፖርት ማሕበር ንምርግጋጽ፡ ማሕበርና ብሓፈሽኡ ቀጺሉ ዝስዕብ ናይ ኣታዊታት ምንጭታት ይጥቀም።

- ማሕበር ካብ ኣባላቱ ብዓመታዊ ውጽኢት መልክዕ ዝረኽቦ
- ቀንዲ መዋሊ ጋንታና ዝኾነ GT World of Beauty ዝገብረልና ዓመታዊ ደገፍ
- በቲ ማሕበርና ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ተዳልዎ ናይ ስፖርት ውድድር (ቱርኒየር)
- ግዱሳት ደገፍቲን ካልኦት መወልቲን (Sponsoren) ብዝገብርዎ ሓገዝ
- ኣብ ዝጥዕም ጊዜ'ውን በዓላት ብምድላው
- ካብ ምምሕዳር ስፖርት ከተማ ፍራንክፈርት (Sportamt Frankfurt) ንረኽቦ ውሱን ሓገዝ

እዚ ኣብ ላዕሊ ብሓጺሩ ዝተጠቕሰ እንዳገበረት ወጻኢታታ ትሽፍንን፡ ቁጠባ ማሕበር ንምሕያልን ቀጻልነት ማሕበር ንምርግጋጽ ትሰርሕ።

## ለበዋ

ኣብ ኩሉ ከተማታት ጀርመን፡ ንመንእሰያት ዝጥርንፉን ዝሕብሕባን ጋንታታት ስፖርት ወይ'ውን ኣብ ዝተወሰነ ጊዜ ኣብ ሓጋይ ተጠርኒፈን ዝጻወታ ጋንታታት ምትብባዕን ሓገዝን ክግበረለን፡ ከምኡ'ዉን ኩሉ ሰብ ስፖርት ዕድመን ጾታን ዘይትፈሊ ኣደ ጥዕና ምዃና ኣሚኑ፡ ኣብታ ሓጻር ዘላትና ጊዜ'ዉን ስፖርት ከነዘዉትርን ከም ቲፎዞ ኮይንና ስፖርተኛታት ከነተባብዕ ነዘኻኽር።

**ብሕልፊ ንደቅና ኣብ ጊዜ ልምምድ ከምኡ'ውን ጸወታ ስፖርት ኣብ ክንዲ ምስ ካልእ ሰብ ንሰዱም፡ ባዕልና ከነሰንዮምን ብኣካል ተረኺብና ንደቅና ሞራል ክንህብ፡ ከነተባብዕ፡ ኩነታቶም ክንፈልጥን ክንማትተሎም ይግባእ።  ሰኣን እኹል ምክትታልን ሞራልን ናይ ወለዲ፡ ብዙሓት ተስፋ ዝነበሮም ቆልዑን መንእሰያትን ኣብቲ ክበጽሕዎ ዝኽእሉ ዝነበሩ ምዕባሌ ወይ ደረጃ ከይበጽሑ ተኾሊፎም ተሪፎም ኢዮም። ዝዘራእናዮ፡ ዝደኸምናሉ፡ ዝኮስኮስናዮን ኢና ንሓፍስ። ናይ ዝሓለፈ ድኽመትን ጌጋን ይኣክል፡ ጽባሕ ከየጣዕሰና ንደቅና ኣብቲ ነድልዮም እዋን (ሕጂ!) ኣብ ጎኖም ክንህልው ጉቡእና ሙኻኑ ክንዝንግዕ የብልናን። ካብ ጣዕሳ ዝሽፍእ የልቦን።**

ማሕበርና ንዝኾነ ቅዋም ማሕበር ዘኽብር ክፉት ዝኾነ ማሕበር ስፖርት ከም ምዃኑ መጠን፡ ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈታት ክሳተፍ ወይ'ውን ከም ኣባል ማሕበር ስፖርት ክዋሳእ ዝደሊ፡ ማዕጾና ኩሉ ግዜ ክፉት ምዃኑ ደጊምና ነረጋግጸልኩም።

ኣብ መወዳእታ ክንብሎ ንደሊ፡ ኣንባቢ ንምዕባለ ስፖርት ዝጠቅም ጽሑፋትን ሃናጺ ርእይቶ'ታትን ኣብ'ዚ ዓውዲ ኢንተርነት ማሕበርና ([www.eritrea-sv.com](www.eritrea-sv.com)) ብዝርከብ ኢመይል ኣድራሻ ወይ ብደብዳቤ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ማሕበርና SV Eritrea Frankfurt, Postfach 111721, 60052 Frankfurt, Germany ብምልኣኽ እጃሙ ከበርክት ንጽውዕ።

ነዚ ጽሑፍ ብምክትታልኩም ብስም ማሕበር ስፖርት ሓድነት ነመስግነኩም።

ዮናስ ገ/ሄር 12.2008